## ደምዳሚ መግለጺ

## ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

ፈጻሚ ኣካል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ካብ 27-30 ሓምለ 2014 ኣብ ዘሎ ግዝያት፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሰላሲሉ። ፈጻሚ ኣካል ኣብ'ዚ ድሕሪ ቀዳማይ ዕዉት ውድባዊ ጉባኤ ዝተሰላሰለ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼብኡ'ዚ፡ ንህልዊ ዓለማዊ፣ ከባብያዊ፣ ሃገራዊ ውድባዊ ኩነታት ብምዕምቆት ብምግምጋም፡ መጻኢ መደባት ሰሪዑን ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉን።

### ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ፈጻሚ ኣካል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ንህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ኣብ ዝዘተየሉ፡ ሃገርና ብሰንኪ ኣዕናዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ኣትያቶ ዘላ፡ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍአ፡ ህዝብታትና ኣደዳ ሕሰም ናይ'ዚ ቅልውላው'ዚ ኮይኖም ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሖም፡ ሃገር ናይ ምድሓን ሕቶ ሕጂ'ውን ህጹጽን እዋናውን ሕቶ ምዃኑ ዳግም ተገንዚቡ። ህዝብታትና ምስ'ቲ ኩሉ ኣጋጢምዎም ዘሎ ናይ ጭቆና ኣርዑት ምረት፡ መባእታዊ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ዘድልይዎም ሃለኽቲ ዘይምርካብ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ከባቢ 3-4 ኣዋርሕ ዝኸውን፡ ነቲ ንኹሉ ማሕበራውን ቁጠባውን ህይወት ናይ መነባብሮኦም ዝትንክፍ፡ ናይ ኤሌትሪክ ቀረብ ዘይምርካብን ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ክነብሩ ዝገብር ኣካይዳን ሓደ መርኣያ ናይ'ቲ ህዝብታትና ዘሕልፍዎ ዘለው ናይ ድኽነትን ድሕረትን ሓሳረ-መከራ ጽዑቕ ፖለቲካዊ መግለጺ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ተገንዘበ።

ነዚ ሕሰም'ዚ ከሸፋፍንን ብግዳም ነብሱ ከመላኽዕን ዳግማይ ሕውየት ህዝባዊ ግንባር ብዝብል፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ "ሓፋሽ ይንቃሕ ይወደብ ይተዓጠቕ" ዝብል ሓርበኛዊ ጭርሖ ስትራተጂካዊ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ምስ ኮነ'ውን ዝሰርሓሉ መሲልዎ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ጭርሖ'ዚ ተኸዊሉ፡ ኣብ ክንዲ ህልውን መጻእን ዝርኢ ንሕሉፍ ዝናታት ህዝባዊ ግንባር ወግሐ ጸብሐ እናኮማሰዐ ክነብር፡ ክሳብ ናይ ቦሎኛ ሓርበኛዊ ታሪኽ ከይተረፈ፡ ዳግም ህይወት ዝዘርኣሉ መሲልዎ ሕንኽ ከይበለ ኣብ ልዕሊ ንቡር ሓመድ ኣዳም ዘይለበሰ ሬሳታት ኤርትራውያን ክስዕስዕ ምዃኑ፡ እዚ'ውን ሓደ መርኣያ ናይ'ቲ እዚ ስርዓት'ዚ ኣትይዎ ዘሎ ቅልውላው ዝሕዞን ዝጭብጦን ስኢኑ፡ ኣብ ናይ ድንግርግርን መኣዝን ምጥፋእን ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ሃልኪ ስራሕ ተሸኺሉ የዕነኒ ምህላው፡ ተመልከተ።

ስደት ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ገንፊሉ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ብፍላይ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን መዓልቲ መዓልቲ ብናህሪ ክውሕዝን ካብኡ ቀጺሉ ምስ'ቲ ኩሉ ናይ ነጋዶ ሰብ ሓደጋታትን ካልኦት ተጻብኦታትን ንርሑቕ ስደት ክፈልስን ይኸውን ምህላው ተመልከተ።

ኣብ ሃገራዊ ኩነታትና፡ ርእሰ ኲናት ስርዓት ህግደፍ ዝኾነ ኢሳያስ ኣፈ-ወርቂ፡ ብምኽንያት መበል 24 መዓልቲ ነጻነት ብዛዕባ ቅዋም ኣመልኪቱ፡ “ ንመጻኢ መንግስታዊ ስርዓተ መርሓ ፖለቲካዊ ጎደና ዝቕይስ ቅዋም ክጅምር ምዃኑ” ምግላጹ ትሕዝቶኡ ንዝኾነ ዝሕደሶ ዘይኮነስ፡ ወጮ እንተ ገልበጥካዮ ወጮ'ዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ፍትሓውን ደሞክራስያውን ቅዋም ካብ ነጻን ደሞክራስያውን ተሳትፎ መላእ ሕብረ-ተሰብን ደሞክራስያዊ ሃዋህውን ወጻኢ ዝንደፍ፡ ብምንም ተኣምር ደሞክራስያዊ ክኸውን ኣይኽእልን። እቲ ዝቐደመ ቅዋም ዝተንድፈሉ ሃዋህው ይኹን ሕጂ፡ ካብኡ ዝገደደ ናይ ሕሰም-መከራ ህይወት ዘስዕብ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ መድረኽ'ቲ ብትሕዝቶኡ ይኹን መልክዑ መሰረታዊ ለውጢ ወይ ፍልልይ ዝተራእየሉ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ከኣ፡ እዚ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት'ዚ፡ “ዓሚ ዝሞተ ምራኽ ሎሚ ፎኑ” ከም ዝበሃል ነዚ ዳግም ከለዓዕል፡ ግዜ ክሸምትን ገለ ገለ ግዳማዊ ተጽዕኖታትን ውሽጣዊ ጽልዋታት ንምፍኳስን ንሃልኪ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ትርጉም ወይ ፋይዳ ዘለዎ ከምዘይኮነ ፈጻሚ ኣካል መዚኑ።

ፈጻሚ ኣካል ኣብ'ዚ ኣኼብኡ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ካብ ዝተኸስተ ሓድሽ ምዕባለ፡ እቲ ናይ መላእ ኤርትራ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣቡናት “ሓውኻ ኣበይ ኣሎ” ዝብል ብትብዓትን ቆራጽነትን ሃወርያዊ እምነቶምን መሰረት ጌሮም፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ዝምልከቶም ኣካላት እቲ ጨቋኒ ስርዓትን ዝገበርዎ ሃወርያዊ ጻውዒት፡ ሓደ መርኣያ ናይ'ቲ ክሳብ ክንደይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ምብትታንን ብርሰትን ተሳጢሑ ኣሎ ዘርኢ ብምዃኑ፡ መንሱ ገሊጹ። መላእ ህዝብታት ኤርትራ ሰራዊትን ኣመንቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታትን ነዚ ግዜ ዘይህብ ህጹጽ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን እዋናዊ ቅዱስ ሓርበኛዊ ጻውዒት'ዚ፡ ኣሰሩ ክስዕቡን ደገፎም ክህቡን ፈጻሚ ኣካል በዚ ኣጋጣሚ ኣኼብኡ'ዚ ጻውዒት ጌሩ።

ፈጻሚ ኣካል ኣብ'ዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ከባብያዊ ኩነታትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝተመያየጠሉ፡ ስርዓት ህግደፍ ንውልቃውን ጉጅላውን ረብሕኡን ረብሓ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን መጋበርያ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ዞባ'ዚ ዝኸሰቱ ግርጭታት ተጠቒሙ፡ ካብ ናይ “ጸላኢ ጸላኢየይ ፈታዊየይ” ዝብል ናይ ፖለቲካ ምንዝርና መርሆ ተኸቲሉ፡ ምስ ገለ ገለ ሃገራት ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ከካይዶም ዝጸንሐ ሽርሕታት፡ እንትርፎ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ፍሽለታት ዘጋጥሞ እንተዘይኮይኑ ዘምጸኦ ፋይዳ ከም ዘይነበረ ተመልከተ።

ናይ ደቡብ ሱዳን ሽግር ገና መሊኡ ኣብ ምፍትሑ ጸገማት የጋጥሞ'ኳ እንተሃለወ፡ ሕጂ'ውን ብኢጋድ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ንምፍትሑ ዘካይድዎ ዘለው ጻዕርታት ኣመጒሱን ኣበርቲዖም ክቕጽሉ ተላብዩን። ኣሕዋት ደቡብ ሱዳናውያን ካብ ድሕረትን ድኽነትን ኣብ ምንጋፍ ከም ቅድመ ኲነት ኮይኑ ዘገልግል ህውከት፡ ምድማይን ምብትታንን ዘይኮነስ፡ ሰላም፡ ስኒትን ምክብባርን ዝፈጥሮ ሓድነትን ደሞክራስን ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ውሽጣዊ ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ነብሶም ክሕግዙ ፈጻሚ ኣካል ብኣጽንኦት ተማሕጺኑ። ከምኡ'ውን ፈጻሚ ኣካል ደግሓኤ ነቲ ኣብ መንጎ

እስራኤልን ፍልስጤምን ዝካየድ ዘሎ ደማዊ ውግእ ብዙሕ ህልቂትን ዕንወትን ዘውርድ ዘሎ ዘስካሕክሕ ኩናት ጠጠው ክብልን ብሰላም ክፍታሕን ሕ/ሰብ ዓለም ተርኡ ክጻወት ጸዊዑ።

[***ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ፡!***]()

ፈጻሚ ኣካል ደግሓኤ ኣብ'ዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ኩነታት ደምበ ተቓሞ ብሓፈሻ፡ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ኣብ ጉዕዞ ምቛም ዘሎ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር ከኣ ብፍላይ ብዕምቆት ተገንዚቡ። ሓያልን ድኹምን ጎኒ ናይ'ዚ ተመስሪቱ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዘሎ ይኹን ሕጂ ኣብ ጉዕዞ ምቛም ዘሎ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር ኣብ ዝገምገመሉ፡ ማእከሉ ህዝብን ሃገርን ጌርካ ብቑዳምነት ኣብ ምርብራብ፡ ነቲ ብሓባር ዝተበጽሐ ዝተሐተ መደብ-ዕዮን ስምምዕ'ን ተገዛኢ ኮይንካ ኣብ ምስራሕን ብቑዕ ኣመራርሓ ኣብ ምሃብ ዘይምብቃዕ፡ ብኣንጻሩ ገና ካብ ተሃላላኽን ተነጻጻግን ባህርያትን መሊኡ ዘይምግልጋል፡ ጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ሕሳባት፡ ንደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ሓድነትን ከይጉልብት ገና ዕንቅፋታት መሊኦም ዘይተወገዱ ምኺኖም ገምጊሙ። ኣብ መንጎ መሪሕነት ባይቶን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኸሰቱ ጸገማት፡ መሊኦም መዕለቢ ኣብ ምርካብ ተቐራሪብካ ይኹን ኣብ ዘይመሰረታዊ ጉዳያት ሕድገታት እናገበርካ ዘይምኻድን፡ ብቀንዱ ሓደ መርኣያ ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ሽግራት መንጸብረቕታ ዘይተወገነ ምኻኑ ኤ.ሃ.ባ.ደ.ለ ብቑዕ ኣመራርሓ ከይረክብ ካብ ዝገበሩ ረቛሒታት ጌርካ ክውሰድ ዝከኣል ምኻኑ ተመልከተ።

ስለዝኾነ ከኣ ምቋም ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር ዋዓል ሕደር ዘይድሊ ክቀላጠፍ ዘለዎ ዕማም ምኻኑ፡ ኣብ ምዕዋት ዕማማት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ይኹን ከምኡ'ውን ኣብ ምንጣፍ ዕማም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ኣገዳሲ ቀላሲ ተራ ክጻወት ዘኽእሎ ይኸውን ዝብል'ዩ እምነት ደግሓኤ። ካብ'ዚ ወጻኢ እቲ ሓይልታት እናተበታተኸ ብዘይውዱብ መልክዑ ዝካየድ ፈተነታትን ፍታሓትን ግዝያዊ ጽገናታት ካብ ምግባር ሓሊፉ፡ መሰረታዊ ሱር ነቕል ዝኾነ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዝሕግዝ ዘይኮነስ እናተጉጃጀልካ ዳግማይ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተመክሮታት እንደገና ክግንፍልን ክድገምን ናይ ምግባር ዕድሉ ዓቢ ምኻኑ፡ ትርፉ ከኣ ሰፊሕ ግንባር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀስብቐስ ኣብ መስርሕ እናተዳኸመ ክበታተን ጉባኤ ብዓወት ከይወጽእን ዝገብሮ'ዩ ዝኸውን። እቲ ካልእ ኣብ ግንባራት ዝተጠቓለለ ይኹን ካብኡ ወጻኢ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ምንቅስቓሳትን ስቪካዊ ማሕበረ-ሰባትን ...ወዘተ ኣብ መስርሕ ጉዕዞ ቃልሲ ብሓባር ብዝገብሮ ጻዕርታት፡ ናብ ሓደ ዝተጠምረ ደምበ ተቓውሞ ሓባራዊ ግንባር ክሳብ ዝሰጋገር ዘሎ ወቕቲ፡ ኣብ'ቲ ጸረ-ህግደፍ ኣብ ዝካየድ ተቓውሞን ሓባራዊ ስራሓትን ነንሕድሕዱ ክነጻጸግ ዘለዎ ዘይኮነስ፡ ተወሃሂዱ ክሰርሕ እዋናዊ ሃገራዊ ዕማም ምኻኑ ኩሉ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለስ ዘበለ ብትኹረት ክተግሃሉ ኣዘኻኺሩ።

መንእሰይ ወለዶ፡ ኣብ ምምእዛንን ምሕያልን ደሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝብታትና ወሳኒ ተርኡ ክጻወት እንተደኣ ኮይኑ፡ ሕጂ'ውን መርገጽ ደግሓኤ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ደጋጊሙ ክገልጾ ዝጸንሐ፡ ንመላእ ኣከናውና ሕብረ-ተሰብ ኤርትራ

ዝጠመረ፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያት ክምስርቱ ጻውዒት ክገብሮ ዝጸንሐ፡ ሕጂ’ውን እምነቱ ንሱ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ንምዕዋቱ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕርታት ከኣ ብዓቕሙ ተርኡ ክጻወት ምዃኑ ኣነጺሩ።

**ጅጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!**

ፈጻሚ ኣካል ደግሓኤ ኣብ’ዚ ኣኼብኡ’ዚ፡ ንህልዊ ውድባዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝረኣየሉ፡ ድሕሪ ዕውት ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ዓውደ ስራሓት ዝጸንሖ ሓያልን ድኹምን ጎኒታት ብዕምቆት ገምጊሙ። ንዝተረጋገጹ ኣወንታዊ ፍጻሜታት ንኢዱ። ኣብ ኣፈጻጽማ ዘይተማልኡ ዕማማት፡ ዝተርእዩ ሕጽረታት ነቒፉን ተመዓራሪዩም ኣብ ፍጻሜ ክበጽሑ መደባት ሰሪዑን ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉን። መላእ ኣባልናን ናይ ፕሮፖጋንዳን ውደባን ዕጡቕ ኣሃዱታትናን ንዕውት ውጽኢት ውድባዊ ጉባኤ ኣብ ምቅላሕን ኩሉ መዳያዊ ዕማማት ንምዕዋት ዘካይድዎ ምንቅስቓሳትን ዝተባባዕ ምንባሩ ኣመጒሱ። መሊኦም ኣብ ፍጻሜ ክበጽሑ ተርኦም ከዕዝዙ’ውን ኣዘኻኺሩን ጸዊዑን።

ኣብ መደምደምታ፡ ፈጻሚ ኣካል ኣብ’ዚ ኣኼብኡ’ዚ ማእከላይ ኮሜቴ ናይ 349 ኣባል ኣብያተ-ክርስትያናት ዓለም፡ ነቲ ብመላእ ናይ ኤርትራ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣቡናት ዝወጸ ሓርበኛዊ ታሪኻዊ ጻውዒት ብምድጋፍ፡ ብ8 ሓምለ 2014 ኣብ ጀኔቭ ኣብ ዝተጋብእሉ ዘውጽእዎ መግለጺ ኣድናቖቱ ገሊጹ። ከምኡ’ውን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ሰብኣዊ መሰላት፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ክኸይድ ዝጸንሐን ዘሎን ሰብኣዊ ግህሰታት በጺሕዎ ዘሎ ጥርዝን ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋን መሰረት ጌሩ፡ ስጉምታት ክውሰድ ዝወሰኖ ውሳኔ መጎሱ ገሊጹን ከሐይሎ ተላብዩን። ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝገጥሞም ዘሎ ናይ ነጋዶ ሰብ ሓደጋታት፡ ምጭዋይን ምጥራዝን ጠጠው ክብል ብፍላይ ከኣ ሓገዝን ረድኤትን ዘድልዮም ስደተኛታት፡ ናይ መንበሪ ውሕስነት ክረጋገጸሎም ዝጽዕቱ ንዘለው ኤርትራውያን ኣብ እስራኤልን የመንን ልዑል ቆላሕታ ክወሃቦ ምሕጽንትኡ ኣቕሪቡ።

**ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!**

**ውድቀት ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!**

**ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!**

**ፈጻሚ ኣካል ደግሓኤ**

**30 ሓምለ 2014**